**ብጉዳይ ምቛም ሓባራዊ ሰልፊ**

**ህዝባዊ ኣኼባ፤ ኣብ ኦክላንድ-ካሊፎርንያ ተኻይዱ።**

መቐጸልታ ናይቲ ብወርሒ ሚያዝያ ኣብ ሳንታ ሮዛን ሳንድየጎን ዝተኻየደ ኣኼባታት፣ ብ10 ግንቦት 2008 ዓ.ም. ኮሚሽን ምቛም ሓባራዊ ሰልፊ ዝጸውዖ ኣኼባ፤ ኣባላት ጨንፈር ተ.ሓ.ኤ. ሰ-ባይቶን ካልእ ውድብን ከምኡ'ውን ግዱሳት ሃገራውያን ባእታታትን ዝተሳተፍዎ ኣገዳሲ ምይይጥ ተኻይዱ። ኮሚሽን ዝዓደሞም ናይ ሕጊ፤ ሕክምናን ጋዜጠኛን ሞያ ዘለዎም ምሁራትን መንእሰይን ንመጀመርያ ጊዜ ኣብቲ ኣኼባ ተረኺቦም ንምዕብልናታት መስርሕ ምስግጋር ናብ ሰልፊ ድሕሪ ምክትታል ርእይቶኦምን ደገፎምን ብምግላጽ ብቐጻሊ ክከታተሉ ምዃኖም ኣረጋጊጾም።

ኣባላት ኮሚሽን ብዝርዝር ካብ ዝገለጽዎ ዛዕባታት፡

- ኣምር ፍልልያት ፖሊቲካዊ ሰልፍን ግንባራዊ ኣወዳድባን
- ውሳኔ ተ.ሓ.ኤ. ሰውራዊ ባይቶ፤ ውድቡ ኣፍሪሱ፤ ኣብ ኣባላቱ ዘይተሓጽረ፤ ብሓባር ምስ ሰብኣውን ደሞክራስያውን መትከላት ዘረጋግጽ ሰልፊ ንምምስራት ዝሰማምዑ ካልኦት ሓይልታትን ውልቀ ባእታታትን ፤ ስትራተጂካዊ ረብሓታቱን
- ምህናጽ ናይ ሕጅን መጻእን ብድሆታት ንምግጣም ዝተዓጥቀ ሰፊሕ ህዝባዊ ሰልፊ
- ክፍሊ መጽናዕቲ ዘዳለዎ ንድፊ ኣብ 6ይ ሃገራዊ ጉባአ ናይ ተሓ.ኣ.-ሰ.ባይቶ ቀሪቡ ብዕቱብ ምይይጥ ድሕሪ ምጽዳቑ፤ ጉባአኛ ሓላፍነት ትግባረኡ ንመሪሕነት ኣሰኪሙ
- ብኡ መሰረት 49 ዝኣባላቱ ኮሚሽን ቆይሙ ነቲ ዕማም ኣብ ምትግባሩ ዘካይዶ ዘሎ ንጥፈታትን ምዕብልናታቱን
- ንናይ ውድባትን ፖሊቲካዊ ፍልልያተንን ኣብ ተሞክሮና ዘስዓቦ ሃስያታትን ዝኣረገ ኣገባብ ኣሰራርሓን ዝሰገረ፤ ናይ ሰፊሕ ህዝቢ ተሳትፎ፤ ኣውራ ድማ ናይ መንእሰያትን ደቀንስትዮን ምሁራትን ተሳትፎ ንኽዓዝዝ ከነካይዶ ዝግብኣና ኣድላዪ ቃልስታትን ጻዕርታትን

ሕቶታት፣ ናይ መተባብዒ ርእይቶታትን ለበዋታትን ካብ ተሳተፍቲ፡

ሕቶ፡- ተ.ሓ.ኤ ሰውራዊ ባይቶ ካብ ኵሉ ሕብረተሰብኣዊ ክፍልታት ኤርትራ ጠርኒፉ ክጐዓዝ ዝጸንሐ ምዃኑ ንፈልጥ፡ ስለምንታይ ውድቡ ኣፍሪሱ ናብ ሰልፊ ክሰጋገር መሪጹ፤ ከምዘለዎ ክዓቢ ዘይፍትን፡ ዝሐሸ ውጽኢት ከምጽእ'ዩ ዝበሃል እንተኾይኑ ድማ፤ እንታይ ውሕስነት ኣለዎ፡

መልሲ፡- ከምቲ ኣብ ሕቶ ዝተጠቕሰ፤ ኣቓቑማ ውድብ ተ.ሓ.ኤ ሰውራዊ ባይቶ ካብ ኵሉ ክፍልታት ሕብረተሰብና ዝጠርነፈ ምዃኑ ሓቂ'ኳ ይኹን'ምበር፣ በይኑ በቲ ሒዝዎ ዝጸንሐ ኣገባብ ቃልሲ ክዓቢ ከምዘይክእል መዚኑ ስለዝዓገበ እዩ ናብ የዕውት'ዩ ዝበሎ ሰፊሕ ዝሰረቱ ሰልፊ ምቛም ከምዝድሊ ዝረኣየ። ናይ ሰልፊ ኮሚሽን ካብ ዘሰላሰሎ መስርሕ ከምዘረጋግጾ ድማ፤ እቲ ናብ ሰልፊ ምስግጋር ውሳኔ ቅኑዕ ምዃኑን ምዕብልናኡ'ውን ጭቡጥ ለውጢ እናመዝገበ ዝመጸ ኣታባባዒ መእዝን ሒዙ ከምዘሎን ተገሊጹ።

ኣባል ኤትራዊ ምንቅስቓስ ንዲሞክራስን ሰብኣዊ ምሰላትን (EMDHR) ዝኾነ መንእሰይ ብወገኑ ምስ መንእሰያት ካብ ዝገበሮ ምይይጥ ነቒሉ መብዛሕትኦም ንእትገብርዎ ዘለኹም ምቓም ሰልፊ ከምዘይተኸታተልዎ ተገንዚበ፤ ስለዚ ብቐጻሊ ምርካቦምን ንኽሳተፉ ምትብባዖምን ከምዘድሊ ሓቢሩ። ኣባላት ኮሚሽን ብወገኖም ለበውኡ ቅቡል ምኳኑን፤ ንሱ`ውን ክተሓባበር ከምዘለዎ ተላብዮም። ንኣድላዪ ስነጽሑፋት ምቓም ኮሚሽን ሰልፊ ድማ ኣብ መርበብ ኮሚሽን ሰልፊ www.SpeedLiberty.org ኣትዮም ክረኽቡ ከምዝኽእሉ ተሓቢሩ።

ሓደ ካብ ተሳተፍቲ፣ ኣብ ውልቀ መነባብሮኡ ኣተኲሩ ከምዝነበረን ሕጂ ግን ተስፋ ዝህብ ሓበሬታ ከምዝሰምዐን ክተባባዕ ዘለዎ ዕማም ምኳኑን፣ ብወገኑ ክከታተል ምኳኑ ቃል ኣትዩ።  ቀጺሉ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ዝነብር ህዝብና ንዝወርዶ ዘሎ ግፍዕን ጭቆናን ተቓውሞኡ ከድምጽ ስለዘይክእል፣ እቶም ኣብ መሰል ሓሳብካ ምግላጽ ዘፍቅድ ሃገራት ዘሎና፣ ኣውያቱን ስቅያቱን ከነስምዓሉ ናይ ሕልና ግዴታ ክህልወና ይግባእ። እዚ እቲ ዝወሓደ ኣብርክቶ ኰይኑ መላኺ ስርዓት ክሳብ ካብ ስልጣን ተጓሒፉ ብህዝባውን ደሞክራስያውን ስርዓት ዝትካእ ክንቃለስ ግቡእና እዩ ኢሉ።

ኣብ ኣብዝሓ ሰልፍታት ዝዋስኣላ ዲሞክራስያዊት ኤርትራ ዕዙዝ ተራ ዝጻወት ፖሊቲካዊ ሰልፊ ንምህናጽ ናይ ኵሉ ኤርትራዊ ተሳትፎን ተሓባባርነትን ከምዘድሊ ብምምሕጻን ኣኼባ ተደምዲሙ።

ዘልኣለማዊ ክብርን ዝኽርን ንስዉኣትና

ፍትሓዊ ቓልሲ ህዝቢ ኤርትራ ክዕወት'ዩ

ኮሚሽን ሰልፊ

5/16/2008